Old Capitol Building
PO Box 47200
Olympia, WA 98504-7200

k12.wa.us

Washington Office of Superintendent of
**PUBLIC INSTRUCTION**
Chris Reykdal, Superintendent

# ሕቶ ማሕበረሰባዊ ጥርዓን ፍሉይ ትምህርቲ (Special Education Community Complaint, SECC)

(ግቡእ መስርሕንምእታው ካልእ ቅጥዒ ምጥቃም)

እዚ ቅጥዒ'ዚ ከም ኣማራጺ እዩ። ቤት ጽሕፈትና ነቲ ዝሃብኩዎም ሓበሬታ ንጥርዓንኹም ንምስራሕ ክጥቀሙዎ እዮም። ብዛዕባ ከይዲ ውልቃዊ መደብ ትምህርቲ(Individualized Education Program, IEP) ከምኡ'ውን መሰላት ተምሃሮ/ስድራቤት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ተቖጻጻሪ ህዝባዊ ትምህርቲ (Office of Superintendent of Public Instruction, OSPI)፣ መርበብ ሓበሬታ ምፍታሕ ጐንጺ ፍሉይ ትምህርቲ ረኣዩ።

| | |
|---|---|
| **እትልእኹዎ ናብ፦** Dr. Tania May<br>Assistant Superintendent<br>OSPI, Special Education<br>PO Box 47200<br>Olympia, WA 98504-7200<br>ፋክስ፦ 360-586-0247<br>speced@k12.wa.us<br><br>ዝተለኣኸሉ ዕለት፦ ________________ | **ብተወሳኺ'ውን እትልእኹዎ ናብ፦** ምኽትል ዳይሬክተር ፍሉይ ትምህርቲ ናይ'ቲ ኣውራጃ ቤት ትምህርቲ፤ ከምኡ'ውን/ወይከኣ፣ ተቈጻጻሪ ናይ'ቲ ኣውራጃ። ናይ'ቲ ኣውራጃ ሓበሬታ ርኽበት ኣብ'ቲ መሓበሪ ፍሉይ ትምህርቲ ክርከብ ይኽእል።<br><br>ቅዳሕ ናይዚ ጥርዓን ብኢመይል፡ ፋክስ ወይ ብሃርድኮፒ ክቐርብ ይኽእል። ኣብ ታሕቲ፣ ስም ናይቲ መንግስታዊ ትካል/ኣውራጃ ቤት ትምህርትን ቅዳሕ ብኸመይ ከም ዝተዋህበን ኣስፍሩ።<br><br>______________________<br>______________________<br>______________________<br><br>ዝተልኣኸሉ ዕለት፦ ________________ |

## ሕቶ ማሕበረሰባዊ ጥርዓን ፍሉይ ትምህርቲ (Special Education Community Complaint፣ SECC)

ነዚ ቅጥዒ ንምምላእ ሓገዝ ንምርካብ፣ ወይ ዝያዳ ንዓኻ ዝበጽሕ ቅርጺ ንምሕታት፣ በጃኹም ንOffice of Superintendent of Public Instruction፣ ክፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ ብቴሌፎን ቁጽሪ 360-725-6075 ወይ speced@k12.wa.us ተወከሱ።

**ቅዳሕ ናይቲ ጥርዓንኩም ኣብ ሓደ እዋን ናብ OSPIን ናብ ቤት ትምህርቲ/ኣውራጃ/መንግስታዊ ትካልን ክትሰድዱ ኣለኩም።** ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ/ኤጀንሲ ሓበሬታ ርኽበት ኣብ'ቲ መሓበሪ ፍሉይ ትምህርቲክርከብ ይኽእል።

**እቲ ጥርዓንኩም ፌርማኹም ከካትት ኣለዎ።** ብሕጊ ትምህርቲ ስንክልና ንዘለዎም ውልቀሰባት (Individuals with Disabilities Education Act, IDEA) ከምኡ'ውን ብሕግታት ፍሉይ ትምህርቲ Washington ፌርማ ይሕተት እዩ።

**ጥርዓንኩም ስምኩምን ርክብ ሓበሬታኹምን ከጠቓልል ኣለዎ።** ስምን ርክብ ሓበሬታን ናይቲ ወላዲ ወይ ጥርዓን ዘቕረበ ሰብ የድሊ። ስምን ርክብ ሓበሬታን ናይቲ ተማሃራይ እውን የድሊ፣ እቲ ጥርዓን ምስ ሓደ ዝተሰምየ ተማሃራይ ብዝምልከት ክሲ ዘጠቓልል እንተኾይኑ።

## ክፋል I፦ ሓበሬታ ተማሃራይ (ምስ ፍሉይ ተማሃራይ(ታት) ንዝተኣሳሰሩ ጥርዓናት ዝምልከት)

OSPI ንኹሉ ንምሕቛፍን ክፍተታት ዕድል ንምምላእ ዘኽእሉ ኣሰራርሓታት ንትምግባርን ይጽዕር። ናይ ውላድኩም ኵነታት ስንክልና፣ ዓሌትን ጾታን ሓበሬታ ብወለንታኹም እንተሂብኩም፣ እቲ ምሽጥራዊ ሓበሬታኹም ኣገባብ ናይ ሓፈሻዊ ግዝኣትና ንምልላይን ናይ OSPI መምርሒን ጕነጽ መፍትሒ ከይድታት ንምምሕያሽን ጥራይ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። *እቲ ጥርዓን ካብ ሓደ ንላዕሊ ተምሃሮ ዝምልከት እንተኹይኑ፣ ብኽብረትኩም ተወሳኺ ገጽ ተጠቐሙ።*

| | | |
|---|---|---|
| ስም ናይቲ ተምሃራይ | ኲነታት ስንክልና ተማሃራይ (ኣማራጺ) | ክፍሊ፣ ዓሌት/ብሄር፣ ጾታ (ኣማራጺ) |
| መንግስታዊ ትካል (ኣድላዪ) | ስም ቤት ትምህርቲ (ኣማራጺ) | |

ሕቶ ፍሉይ ትምህርቲ ማሕበረሰብ ጥርዓን ብOffice of Superintendent of Public Instruction ብመሰረት Creative Commons ኣትሪብዩሽን ፍቓድ ፍቓድ ተዋሂብዎ ኣሎ።

## <u>ክፋል II:-  ጥርዓን ዘቕረበ ሓበሬታ</u>

| | |
|---|---|
| ሽም | መበእታ ቋንቋ (ኣማራጺ) |
| ኣድራሻ ጐደና | ተመራጺ ኣገባብ ርክብ (ኣማራጺ) |
| ከተማ/ግዝኣት/ዚፕ | ዓሌት/ብሄር፣ ጾታ (ከም መማረጺ) |
| ርክብ ሓበሬታ፦ ቴለፎን ወይ ኢመይል | **ምስ ተማሃራይ ዘሎ ርክብ (ወላዲ/ኣላዪ/ካልእ) (ኣማራጺ)** |
| **X ፊርማኹም** | **ዕለት** |

## <u>ክፋል III:- ክስታት – እቲ ትካል/ኣውራጃ/ቤት ትምህርቲ እንታይ በዲሉ ትብሉ?</u>

**ሀ. ናይ ጥሕሰታት ክስኹም(ክስታትኩም) መግለጺ፦**

እቲ ተጣሒሱ ክኸውን ዝኽእል ፍሉይ ሕጊ ምፍላጥ ኣየድልየኩምን እዩ፣ ግን በጃኹም እቲ ትካል/ኣውራጃ/ቤት ትምህርቲ እንታይ በዲሉ ኢልኩም ትኣምኖ ብንጹር ግለጹ፣ ከምዚ፦ "እቶም መምህራን ናይ ውላደይ IEP እንዳተኸተሉዎ ኣይኰኑን ዘለዉ።" ንምጽሓፍ ተወሳኺ ቦታ ዘድልየኩም እንተደኣ ኾይኑ ብኽብረትኩም ተወሰኽቲ ገጻት ኣተሓሕዙ። OSPI እቲ ጥርዓንኩም ካብ ዝበጸሐሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝቐረቡ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ክስታት ጥራይ ክምርምር ይኽእል። ንኣብነት ጥርዓን 1 ጥቅምቲ 2021 እንተመጺኡና ካብ 2 ጥቅምቲ 2020 ዝጅምር ግዜ ክንምርምር ንኽእል ኢና።

| **እታ ቤት ትምህርቲ ሕጊ ፍሉይ ትምህርቲ ብምጥሓሳ፦** |
|---|
| |

**ለ. ሓቅታት ክስኹም፦**

በጃኹም ፍሉይ ዕለታት፣ ሰዓታትን ካልእ ዝኾነ ኣገዳሲ ዝርዝር ሓበሬታን ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኣካትቱ።

| |
|---|
| |

**ሐ. ንክስኹም ዝድግፉ ሰነዳት እንታይ እዮም? (ኣማራጺ)**

ካብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዘመጹ ደብዳበታት፣ ናይ'ቲ ተምሃራይ ገምጋምን IEP 'ን፣ መዘኻኸሪታትን ካልኦት ሰነዳትን እንታይ ከም ዝተፈጠረን እቲ ቤት ትምህርቲ ዝገበሮ ጌጋ እንታይ እዩ ኢልኩም ከም እትኣምኑ ንምርኣይ ክሕግዙ ይኽእሉ። ነዞም ሰነዳት ከተተሓሕዞም እኳ እንተተተባባዕኩም ግዴታ ኣይኮነን።

| |
|---|
| |

**መ. እንታይ እንተዝኸውን ምደለኹም?**

OSPI እቲ ቤት ትምህርቲ መሰል ሓደ ተማሃራይ ከም ዝጠሓሰ እንተ ወሲኑ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ወይ መፍትሒ ክትረኹ ከም እትደልዩ በጃኹም ግለጹ።

| |
|---|
| |

## ፍሉይ ትምህርቲ ማሕበረሰብ ጥርዓን ሓበሬታ

**እዚ ካብ ግልጋሎት ፍሉይ ትምህርቲ ወጻኢ ምስ ዝኾኑ ካልኦት ነገራት ይዛመድ ዶ?**
ጥርዓንኩም ምስ ኣድልዎ ወይ ብመሰረት ዓንቀጽ 504 ናይ ተሃድሶ ሕጊ መሰላት ሓደ ተማሃራይ ዝተኣሳሰር እንተኾይኑ፣ በጃኹም ንቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት ብ 1-800-421-3481፣ ወይ OSPI's ቤት ፅሕፈት ፍትሓውነትን ሲቪላዊ መሰላትን ብ 360-725-6162 ተወከሱ። መስርሕ ኪኢላ ዝምልከቱ ሕቶታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኣሰራርሓታት ኪኢላታት (Office of Professional Practices, OPP) ብ 360-725-6130 ክቖርቡ ኣለዎም።

**ኣብ እዋን መርመራ ጥርዓን ዝተኻፈለ ሓበሬታ**
ደንቢ ፍሉይ ትምህርቲ Washington OSPI ዝኾነ ይኹን ብኣውራጃ ዝቐረበ ሰነዳት ምስቲ ወላዲ/ጥርዓን ዘቕረበን ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ወላዲ/ጥርዓን ዘቕረበ ሰብ ምስቲ ኣውራጃ ከም ኣካል ናይቲ መርመራ ከካፍልን ይጠልብ። ኣብ'ቲ ጥርዓን እቲ ዘሎ ጥርዓን ኣቕራባይ ወላዲ/ኣላዪ ናይ'ቲ ተምሃራይ እንተደኣ ዘይኰነ፣ ዝኾነ ብውልቂ ዝልለ ናይ'ቲ ተምሃራይ ሓበሬታ ቕድሚ ምክፋሉ፣ OSPI በቲ ወላዲ ዝተፈረመ ሓበሬታ ንኽልቀቕ ይሓትት እዩ። ብዛዕባ'ቲ ከይዲ ጥርዓን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ እትሪኡ ናብ፦ [ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ'ቲ ከይዲ ጥርዓን]።

**ዴሞግራፊያዊ መረዳእታ**
OSPI ንኹሉ ንምሕቛፍን ክፍተታት ዕድል ንምምላእ ዘኽእሉ ኣሰራርሓታት ንትምግባርን ይጽዕር። ሓበሬታ ናይ ውላድኩም ኩነታት ስንክልና፣ ዓሌትን ብሄርን ኣባላት ስድራቤትኩምን፣ ጾታዊ መንነት ተምሃራይኩምን ብወለንታኹም እንተሂብኩም፣ ነቲ ምሽጥራዊ ሓበሬታኹም ኣገባብ ናይ ሓፈሻዊ ግዝኣትና ንምልላይ ጥራይ ኢና ኣብ ጥቕሚ ነውዕሎ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ንኣብያተ ትምህርቲ Washington ብቐጻልነት መምርሕ ንምሃብን መሰላት ተምሃሮን ስድራቤታትን ዝድግፉ ከይድታትና ንምምሕያሽን ምስ ዝኾነ ውልቃዊ ተምሃራይ ወይከኣ ስድራቤት ከየተሓሐዝና ብሓፈሽኡ ኢና ንጥቀሞ።

ልክዕ ከም'ቲ ንቡር፣ OSPI ኣብ'ቲ እዋን ከይዲ መርመራ SECC ን OSPI ነቲ ዝወሃብ ሓበሬታ (ንኣብነት ኢሜይላትን ሰነዳት ፍሉይ ትምህርትን) ንካልኦት ውልቀሰባት፣ ኣካላት ወይከኣ ፌደራላዊ ይኹን ግዝኣታዊ ኤጀንሲታት ኣየካፍልን እዩ።

ኣባላት ሓፋሽ ብናይ ግዝኣት Washington ሕጊ መዛግብቲ ሓፋሽ (Public Records Act) መሰረት ከም'ዚ ንዝኣመሰለ ሓበሬታ ንምብጻሕ ክሓቱ ይኽእሉ፣ ግን ከኣ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሕቶ ኣብ ዝመጸሉ እዋን፣ ሓያሎ "ግድፈታት" ይህሉዉ። ብካልእ ኣገላልጻ፣ ኣባላት ሓፋሽ ክበጽሑዎም <u>**ዘይኽእሉዎም**</u> ሓያሎ ዓይነታት ሓበሬታ ኣለዉ እዮም። ከም ኣገዳሲ፣ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ንሕቶ መዛግብቲ ሓፋሽ ከም ግብረ መልሲ ብ OSPI <u>**ኣይወሃብን**</u> እዩ።

- በይኑ ይኹን ብውህደት፣ ኣብ'ቲ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ርትዓዊ ዝኾነን ነቲ ተምሃራይ ርትዓዊ ብዝኾነ ትኽክለኛነት ንምልላይ ብዛዕባ'ቶም ኣገደስቲ ኩነታት ውልቃዊ ፍልጠት ዘይብሉ ሰብ ክፈቅድ ምስ ዝኽእል ሓደ ተምሃራይ ዝተኣሳሰር ወይከኣ ክተኣሳሰር ዝኽእል ሓበሬታ። ንኣብነት፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ስንክልና ወይከኣ ዓሌትን ብሄርን ውላድኩም።
- እቲ ሓበሬታ ምቅላዕ ውልቃዊ ሓበሬታ ናይ'ቲ ተምሃራይ ዘስዕብ እንተደኣ ኾይኑ ንኣባላት ስድራቤት ወይከኣ ኣለይቲ ዝወሃብ ውልቃዊ ሓበሬታ።
- ናይ ህጹጽ እዋን ኣድራሻ ሓበሬታ ኣባላት ስድራቤት ወይከኣ ኣለይቲ።

ብዛዕባ ሕቶታት መዛግብቲ ሓፋሽ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ነዚም ፍልፍላት ተወከሱ፦

- [OSPI ሕቶ መዛግብቲ ሓፋሽ]
- [OSPI ህዝባዊ መዛግብቲ ነጻነት ኩዳት]
- [WA Office of the Attorney General(WA ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ)፦ መዛግብቲ ምርካብ]